መድኃኔ ዓለም ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን ሥርዓተ ማዕዝ ለንደን

HOLY REDEEMER ERITREAN CATHOLIC

GHEEZ-RITE CHAPLAINCY
ST. AIDAN OF LINDISFARNE RC CHURCH
85 Old Oak Common Lane
London, W3 7DD
www.catholicgheez.org

መስከረም 2013

ቃለ ቃመስ

ክርስቲያን ብምኽና ንተሓጐስ እምበር ኣይንጎፈር!

እንሆ ንዘመነ ፍልሰታ ብምዉቕ መንፈሳውነትን ብሓጐስን ኣኅሊፍና፥ ሓድሽ ዓመት ግዕዝ'ውን ኣብዒልና። ኣብዚ ወርኂ'ዚ ንበዓላት ርእሰ-ዓመት ቅዱስ ዮሓንስን መስቀል ክቡርን ኽንብዕል ኢና። ንሓድሽ ዓመትና፥ ሰማዕትነት ቅዱስ ዮሓንስ መጥምቕ ብምብዓል ምጅማርና፥ ክርስትና ኣብ ናይ ምቑት ኣዳራሽ ብምዝንጋዕ እተጎልፎ ሕይወት ዘይኮነስ፥ ሓቀይና ሕይወት እትነብረሉን ምእንቲ ሓቂ ድማ እትስውዓሉን ረዚንን ብሱልን ሕይወት ከም ዝኾነ ኽይንዝንግዕ የዘኻክረና። ንኣብነት ቅዱስ ዮሓንስ መጥምቕ ስዒብና'ውን ኣብ'ቲ ዝተጸዋዕናሉ መደብ ሕይወት ነቕ ዘይብል ውሳኔ ጌርና ጉዕዞና ኽንጅምር የተባብዓና። ንቅዱስ ዮሓንስ መጥምቕ፥ ምእንቲ ሓቂ ኪስዋዕ እምበር ፈሪሑ ምስ ኃጢኣት ኪኃብር ኣይንረኽቦን። ወንጌላውያን ከም ዘዘንትዉልና፥ ዮሓንስ ንኃጢኣት ሄሮድስ ኬኃልጽን ናብ ንሥሓን ተሓድሶ ሕይወትን ኪጽውዖን ብዘይ ገለ ፍርኂ'ውን ብትብዓት ነቲ ብልሽው ሕይወቱ ኪብድሆን ኢና ነንብብ። ሓቂ ወንጌል ንኣምላኽ እምበር ንኃያላትን ጨካናትን ክንፈርሓ ኣይገብረናን። ዮሓንስ ምእንቲ እምነቱ ርእሱ ተቐንጺሉ ሞተ። በዚ ድማ ዘለዓለማዊ ኽብሪ ኣብ ሰማያት ተጐናጸፈ።

ኣብ መፋርቕ'ዚ ወርኂ'ዚ እነብዕላ ዓባይ በዓልና - በዓለ መስቀል'ውን ካብ'ዚ ዝተፈልየ ሓሳብ ኣይኮነትን እተቕርበልና። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምእንታና ዝተቐበሎ መከራን ጭንቅን ኽንዝክር ትገብረና። ሓዋርያ ጴጥሮስ ኣብ ቀዳመይቲ መልእኽቱ፥ ***"ብደም እቲ ኣበርን ርኽሰትን ዘይብሉ ገንሸል፥ ማለት ብኽቡር ደም ክርስቶስ ኢዅም ዝደኃንኩም እምበር ብጠፋኢ ነገር፥ ብብሩር ወይ ብወርቂ ኽም ዘይኮነ ትፈልጡ ኢዅም"*** ይብለና። (1ጴጥ 1:18-19) ኣስዒቡ'ውን ***"ካብ ኃጢኣት ርሒቕና ብጽድቂ ምእንቲ ኽንነብር ንሱ ባዕሉ ንኃጢኣትና ቲቲ ኣብ መስቀል ዝተሸንከረ ሰብነቱ ፆሮ። ብቕስሉ ኢዅም ዝሓዊዅም"*** ይብለና። (1ጴጥ 2:24) ንኽንድኅን ኣብ መስቀል ኽቡር ዋጋ፥ ማለት፥ ሕይወት ኢየሱስ ተኸፊሉልና እዩ፤ ደሙ'ውን ተነዚኑልና እዩ። ስለዚ ድማ መስቀል ኃይልናን ጽንዓትናን እዩ፤ መስቀል ፈውስና እዩ፤ መስቀል ፈልፋሊ ሕይወት ኾይኑልና እዩ። እወ፥ መስቀል ምልክት ድኅነትና እዩ።

ምእንት'ዚ መስቀል ኣብ ኣብያተ ክርስቲያንና፥ መስቀል ኣብ ቤት ጸሎታትና፥ መስቀል ኣብ ገዛውትና፥ መስቀል ኣብ ክሳድና፥ መስቀል ንሕና ኣብ እንርከበሉ ስፍራታት ኵሉ ብግህዶ ከም ዚርኣ ኽንገር ይግብኣና። ካብ ናተይ ተመክሮ፥ ካብ'ቲ ኵሉ ንክርስቲያናውን ክህነታዊ መንነተይ ዚገልጽ ኽዳን ኮነ ምልክት ዚያዳ ኣቓልቦ ካልኦት ኪትስሕብ ዝረኣኽዋ፥ እታ ኣብ ክሳደይ ዘንጠልጥላ ንእሽቶ ናይ እንጨይቲ መስቀል እያ። ምስ ብዙኃት ዘይክርስቲያን ሰባትን ምስ ኣባላት ዝተፈላለዩ ኣብያተ ክርስቲያን ኣኅዋትን ኣኃትን ናይ ዘረባ መበገሲት ኾይና ረኺበያ።

ነታ ኣብ ክሳደይ ዝተንጠልጠለት መስቀል እናኽርእዩ፥ እቲ ኣማናይ "ኣባቴ ጸሎት ግበሩለይ" ይብለኒ። እቲ ዘይኣማናይ ድማ መንነተይ ኣለልዩ፥ ወይ ኺካትዓኒ ይመጽዕ ወይ ድማ መን ምኽነይ ርእዩ፥ ምስ መንነተይ ኣገናዚቡ ብኣኽብሮ ኪዛረብ ይፍትን። እንተ በቲ እንተ በዚ ኽልቲኡ ጠቓሚ እምበር ጎዳኢ ኾይኑ ኣይረኽብክዎን። ኣብ'ዛ ብጉልባብ ፖለቲካዊ ትኽክለይናነት (Political Correctness) ምልክት ክርስትና ካብ ኣድባባያታን መጋባእያታታን እናጥፍኣት ትመጽእ ዘላ ዓለምና፥ ሕጂ'ውን እንተኾነ ንኹሉ ኬራኽብ ዚኽእል ኃያልን ፍቱንን ምልክት ድኅነት፥ መስቀል ክርስቶስ ጥራይ እዩ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ኵሉ ካቶሊካዊ ምእመን መጀመርያ ኣብ ቤቱ፥ ቐጺሉ'ውን ኣብ ኣከዳድናኡ መስቀል ክርስቶስ ብግህዶ ዚረኣየሉ ኵነታት ኪፈጥር ብኣጽንዖ ከዘኻኽርን ከተባብዕን እፈቱ። ብዛዕባ እምነትና ብኣፍና ምምስካር ዜሕፍረና ኪኸውን ኣይግባእን። ካልእ እንተ ተረፈስ ኣፍካ ገለ ኽይበለ፥ ባዕሉ መስቀል ክርስቶስ ኣብ ቤትካን ከባቢኻን ኣፍ ደገ ምውሳእ ብዛዕባ እምነትካ ኪኸውን ምፍቃድ ኣዝዩ ኣገዳስነት ከም ዘለዎ ተገንዚቡ ኣሎ። ብእምነትካ ዝመጸ ብሃም ዲኻ፤ እስከ መስቀል ክርስቶስ ባዕሉ ኪዛረብ ኣፍቅደሉ፤ ኣይትዓፍኖ። እንተፍቂድካሉ፥ ከምቲ ናይ ቀደሙ ሕጂ'ውን ኪሠርሕ ኽትርእዮ ትኽእል ኢኻ።

እወ፥ ክርስቲያን ብምኽንካ ደስ ይበልካ እምበር ኣይትጎፈር ኣይትፍራሕ'ውን። ጐይታ ኢየሱስ ብዛዕባ ኣድላዩነት መስቀልካ ጼርካ መዓልቲ መጸ ንእኡ ምስዓብ ድጎሪ ምምሃሩ ኣስዒቡ፡- ***"ብኣይን ብቓለይን ዚኃፍር ዘበለ፥ ወዲ ሰብ ብግርማኡን ብግርማ ኣቡኡን ብግርማ ቅዱሳን መላእኽቱን ኪመጽእ ከሎ፥ ብእኡ ኺኃፍር እዩ"*** ይብለና። (ሉቃ 9:23-27 ርኢ) ኣብ'ዛ ዓለም'ዚኣ ንሕና ክርስቲያን ወኪላትን ኣምባሳደራትን ክርስቶስ ኢና። ናይ ወንጌልና ማእከላዊ ዜና'ውን ንመስቀል ክርስቶስ ኣማእኪሉን ክንየው ሞት ክርስቶስ ኣብ መስቀል ናብ ዝተረኽበ ትንሣኤን ዘለዓለማዊ ዓወትን ሕይወትን እናረኾሐ፥ ኽሳዕ ካልዓይ ምጽኣት ክርስቶስ ኪመጻላለፍ ኪነብር እዩ። ንመስቀል ክርስቶስ ኣይንጎፈረሉ፤ ብኣንጻሩ ንስበኽ፥ ንተሓበነሉ፥ ንልበሶ፥ ንሳለሞ፥ ናብ ምሉእ ዓለም ነቃልዓዮ።

ርሑስ በዓላት ቅዱስ ዮሓንስን መስቀልን ይግበረልና።
እንቋዕ ካብ ዘመነ ማቴዎስ ናብ ዘመነ ማርቆስ ወንጌላዊ ብደኃነ ሰላም ኣሲጋገረና።

ኣባ ኤፍሬም ዓንዶም

ህላዌ ቤተክርስትያን

እዚ ዘለናዮ ግዜ ብፍላይ አብ ምዕራባዊ ዓለም ቤተ ክርስትያን ብሰንኪ ዋሕዲ ሰብ ባዲሙ እተን ዘገልግላ ቤተ ክርስትያን እዉን እንተኾነ ብዋሕዲ ሰብ ቆሪረን እየም ዝመላለሱ ዉን አረግቶት ኢዮም። ብግዜ ነቢይ ሐጌ እስራኤላውያን ነታ ዓንያ ዝነበረት ቤት መቕደስ አቓልቦ ከይሃብዋ ንርእሶም አብ ዝተሰለመ አባይቲ ይቕመጡ ነበሩ። እግዝአብሄር ከአ ብነቢ ሐጌ ጌሩ ከምዚ እናበለ አምሪሩ ተዛረቦም። "አቱም ህዝበይ ቤተይ ዓንያ ኾላስ ንስኻትኩም አብ ዝተሰለመ አባይቲ ክትነበሩዶ ይግበአኩም እዩ። እንታይ ወሪድኩም ከም ዘሎ እስከ አስተውዕሉ፤ ብዙሕ ዘራእኩም ሒደት አእተኹም በላዕኩም አይጸገብኩምን ፡ ሰቴኹም አይረዊኹምን ፡ ተኽደንኩም አይሞቕኩምን እቲ ውዕለቱ ዜእቱ ንመነባብርኡ ዝአክል አየዋህልልን ። እንታይ ወሪድኩም ከም ዘሎ እስከ አስተውዕሉ፡ ሕጂ ኽአ ናብ አኽራን ደይቡ ዕንጸየቲ አመጽኡ ፡ ነታ ቤት መቕደስ ከም ብሐድሽ ሰርሕዎ። አነ ብአአ ክሕነስ እየ ፡ ከምቲ ዝግብአኒ ከአ ክሰግዱለይ እዮም።"ሐጌ ፡ 4--8

አብቲ ብግዜ ነቢይ ሐጌ ዝነበሩ ዝነበሩ ሕዝቢ እስራኤል ነታ ዓንያ ዝነበረት ቤት መቕደስ እግዝአብሄር ነነድኒ ገዲፎም፡ ንእግዝአብሄር ዝግብኡ ክብርን ስግደትን አምልኾን ከይሀቡ ዓመት ዋኒኖም ይገብሩ ነበሩ። አብዚ ግዜ'ዚ ኽአ አዝዩ ስሉምን ውቁብን ቤተክርስትያን በረውርው ኢሉ እግዝአብሔር እንደገና ዝግበኡ ክብርን አምልኾን ስግደትን አይረክብን ዘሎ።

እሞ'ኽ ደአ ንሕና ሕዝብ ክርስትያን አብዚ ፈታኒ ግዜ እንታይ ኢዩ ተራና፤ ንእግዝአብሄር እቲ ንሕና ጥራሕ ክንሀቦ ዝግበአና አምልኾን ክብርን ዘይኮነ እቲ ካልኦት አሕዛብ ክህብዎ ዝግባኡም ዝነበረ አምልኾን ክብርን'ውን ንሕና ከነወፍየሉ ግቡእና እዩ። ብጸሎትን ተጋድሎን አዚና ክንሕይልን ከምቲ ቅ.ጳውሎስ ዝብሎ (ኤፌ. 6፡10-18) ተቓሊስና መታን ክንክእል አጽዋር አምላኽ ክንለብስ ይግብአና ።

ኩሉ ግዜ ጸሎትናን መንፈሳዊ ጻዕርናን ዓቢ ግደን በረኽትን መታን ክህልዎ ብተጋድሎ ከነሰንዮ ይግባእ። ነንመዓልቱ አብ ኩነተ-ጸጋ ምህላውና ንመርምር አብ ከምዚ ኩነታት ምስ እንህሉ ጥራሕ ኢና ንእግዝአብሄር ክንሰምሮ እንኽእል።

ወትሩ ግዜ አብ መንፈሳዊ ጻዕርና ንተጋድሎናን ዘስንዩና ቅዱሳንን መላእኽትን ብፍላይ ድማ ቅ. ድንግል ማርያም አላትና። ናይዞም ቅዱሳት ሰባትን መላእኽትን ግደ አዝዩ ዓቢ ስለ ዝኾነ ንሕና ድማ ብዝተኻእለ መጠን ናብ ገሊኦም ቅድሳት ወይ መላእኽቲ ናይ ግልና ተወፍዮ (devotion) **ክንገብር ጽቡቕ እዩ ። ከም አብነት ናይ መሎኮታዊ ምሕረት፡ ናይ ቅ. ዮሴፍ፡ ናይ ቅ. ስድራ፡ ናይ ቅ. ሚካኤል ወዘተ።**

ከምቲ አብ መጽሐፍ ጦቢት ምዕ. 12 ዝብሎ ናብዞም ቅዱሳትን መላእኽትን እንገብሮ ናይ ውልቅና ተወፍዮ ንሳቶም ድማ ወርትግ አብ ቅድሚ አምላኽ ምእነታና የማልዱን ጸሎትና ድማ ናብ እግዝአብሄር አምላኽ የዕርጉን።
እግዝአብሄር አምላኽ አብ ኩሉ ሂወትና ይደግፈናን የሰንየናን።

መደባ ቤተ ክርስትያን

ክቡራን ምእመናን እዚ አብ ታሕቲ ተሰሩው ዘሎ መደባት መድኃኔ ዓለም ቤተ ክርስትያን አብ ዝጠዓመኩም መዓልትን ሰዓታትን ክትሳተፉ ብትሕትና ንሓትት። ቦታ (East Acton St.Aidan of Lindisfarne)

1. ካብ 6፡30 ድ፡ቀ- 9፡15 ድ፡ቀ ኩሉ ግዜ ሰሉስ ብመቕጸርያ ዝጀመረ ናይ መጽናዕቲ ትምህርቲ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ስርዓተ ኑዛዜ ይወሃብ።
2. ካብ6፡30 ድ፡ቀ– 9፡15 ድ፡ቀ ኩሉ ግዜ ሓሙስ ብመቕጸርያ ዝጀመረ ጸሎትን ትምህርትን መደብ ስርዓተ ኑዛዜ ኣሎና። ከምኡ'ውን መጀመርያ ወርሒ ናይ ሓሙስ ሰርዓተ ቅዳሴ ኣሎና።
3. ካብ 6፡30 ድ፡ቀ-9፡15 ድ፡ቀ ኩሉ ግዜ ቀዳም ማኃበር መዛምራን መድኃኔ ዓለም መዝሙር ልምምድን መጽናዕቲ ቅዱስ መጽሓፍን (Our Lady of Fatima church white city.)
4. ካብ ሰዓት 1.00 ድ፡ቀ ዝጅምር ኩሉ ጊዜ ሰንበት ስርዓተ ቅዳሴ ክምዘሎ ነዘኻኽረኩም።

ሓበሬታ

ክቡራን ምእመናን ዝኾነ ጉዳይ ሃሊኩም ንኣባቴ ክትረኽቡሉ እትኽእሉ መዓልታትን ሰዓታትን በዚ ኣብዚ ተጠቒሱ ዘሎ ፡

ሰኑይ ክሳብ ረቡዕ 10:30 ቅ፣ቀ– 18፡00 ድ።ቅ
ዓርቢ 10፡30 ቅ፡ቀ– 18፡00 ድ፣ቀ
ኣባ ኤፍሬም ዓንዶም ፡-02087438315

ከምኡ'ውን ጻዊዕትኩም ክምልስሉ ኣብ ዘይክእልሉ እዋን መልእኽትኹምን ምሉእ ስምኩምን ክትገድፉ ብትሕትና ንሓትት። ሰንበት ድሕሪ ስርዓተ ቅዳሴ ድማ ነዘን ኣስማተን ኣብ ታሕቲ ተጠቒሰን ዘለዋ ኣሓትና ብምርካብ ጉዳይናን መልእኽትናን ከነሳልጥን ብዝያዳ ድማ ምሉእ ሓበሬታ ካብአን ክንረክብ ንኽእል።

ሄለን በረኽት ፡ ዮዲት ብርሃነ

- መጀመርያ ቁርባን ዝገብሩ ቆልዑ አንተለውና ከምኡ'ውን ዝገበሩ ቆልዑ ናብ ሳራ መንግስን ናብ ሩታ በርሀ ኪምዝገቡ ንላቦ።

ክቡራን ምእመናን ዝኾነ ኣባል መድኃኔ ዓለም ኮይኑ፡ ኣብ ከባቢና እንፈልጦም ሕሙማት ክብጽሑ ዘለዎም፡ ወይ'ውን ክሸምገሉ ዘለዎም፡ ብሓፈሻ ብኣገዳሲ ጉዳይ ክብጹሑ ላለዎም እንብሎም ምስ ዝህልዉ በዚ መሰረት ንሸማግለ ቤተ ክርስቲያን መድኃኔ ዓለም ክትሕብሩና ብምሕረት ኣምላኽ ንሓተኹም።

ብዛዕባ ሕሙማን ዝምልከት ወ/ሮ ሳባ ሃይለ
ብዛዕባ ምሽምጋል ብኡሳት ኣቶ ገብረትንሳኤ ምኪኤል
ክንውከስ ንኽእል።

መዘኻኸሪ

ድሕሪ ቅዳሴ ሰንበት ዕለት 22/09/2013 ሓፈሻዊ ኣኼባ ናይ ምእመናን ኣብዚ ቤተክርስትያና ኣለና።
-ዓመታዊ ሱባኤ ቤተክስርትያና ካብ ጥቅምቲ 24-27

ዓመተ እምነት